# እንታ እንታይ'ዩ ጉዱ !!!

ብ ሚካኤል ኣጎስቲኖ(ቱቢንገ ጀርመን)
13/ 08/ 2006

ናቱ ገዲፉ ናይ እንዳማቱ
ጎብለል ክባሃለለይ እንዳማቱ
ኣርሓ ክኮነለይ እንዳማቱ
ሓቂ ድዩ ኣጢጡዎ ናይ ሸፋቱ
ወይስ ንህዝብና ከጥፍእ መኪቱ
ህዝቢ ን ኸጣምዕ ናብ ስግር ሃዉቲቱ
ስርሑ ኣይገድፍን ናይ ሸፋቱ
ኩልሻዕ ዝሓስብ ብትንትን ከእቱ

ኣይተፈልጠን ነሩ ተግባርቱ
ሕጂ ይበርህ ኣሎ ብሳዓቱ
ክሽፍና ኣይክእልን'ዩ እከይ ተግባራቱ
ኣብ ስልጣን ክንበረለይ ንህዝቢ ኣጽኒቱ
ኣብ ጸጽባሕ እንተመጹ ጀነራላት ናይ እንዳማቱ
ሽርሒ ዘለዎ ንህዝብና ከጽንቱ
ዉግእ ወረ ዉግእ ክእሙቱ
ኣታ ሎሚኸ ደቅመን እዮም ክመቱ

መፍቲሒ ሽግርና ኣብ መረቱ
ሕዝብና ይፈልጥ እዩ ኩሉ ምኽንያቱ
ብሓባር ዘትዩ ከደቅሶ እዩ ኣብ ሳዓቱ
እዚ ጥራይ እዩ መፍቲሒ ዓወቱ

ኣቲ ሕልሚ ቀደም ሓሊፍዎ ምስ ወያነ ብጸቱ
ሓሊፎሞ ጸኒሖም ንሽጣራ ናቱ
ንጹሃት ዝለከሙልና ደአ ቢጊሓቱ
በጺሕዎ ደጊምሲ ሃዉቲቱ
ነገር ተሓሳሊኽዎ ንምሸቱ

እቲ ናይ ትማሊ
ኣብ ይሕዋትና ከንጸለሊ
ብጅሃድ ከለሊ
ንጹሃት ካአሪ
ገዛ ገዛ ብበትሪ
ምስ ናይ ሎሚ ሶማሊ
እንታይ ዕላማ ኣለዎ ዝፈላሊ?
ይገድፎ ንዘለሊ

ኣንታ ናይ ሎሚ ኸ ?
ካን ክንጠፍእ
ብህግደፍ ክንጠፍእ
ኣብ ባሕሪ ዉቅያኖስ ክንጠፍእ

ተፈሪዱና ዲዩ ክንጠፍእ

ኣይፋል ምጥፋእ ምጥፍኡ
ክንምክቶ ኣለና ብግዚኡ

ፍንሕንሕ በል ኣይትደቅስ
ኣጸቢቕካ ሕሰብ ታሪኽ ከይወቅስ

ኣይትባዕግግ ተንስእ ኣይተቕትር
ተማኻኸር
ተኻራኸር
መን'ዩ ሰይጣን ዘፍርሃካ
ዕላማ ናይ ህዝብኻ ስጋዕ ዘይቀየርካ

ዘላለማዊ ክብርን ሞጎስን ንስዉኣትና !!!
ዓወት ንህዝብና !!!